# ሓውን ጊዜን

**ሓውን ጊዜን (Fire and Time)**

**ብኣፈወርቂ ኣባይ ሃገረ ጀርመን**

**ዎ ለዋህን ጅግናን ህዝብና፥**

**ነቲ ንነዊሕ ዘበናት ከም መርዘን ኣብ ርእስኻ ኣንጽራሪዩካ ዝነበረ ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን መግዛእቲ ሓንሳብ ንሓዋሩ ምስ ደቅኻ ኲንካ ንምልቃቕ ንሰላሳ ዓመታት ዝወደኤ ብረታዊ ቃልሲ (መስከረም 1-1961 ዓ.ም. ጀሚርካ ግንቦት 24 -1991 ዓ.ም). ሓግሒግካ ኣውጺእካ ኤርትራ ሃገርካ ነጻነት ኣልቢስካያ። ይተካእ ይለቀብ ግን ንስኻ እንቋዕ ድኣ ነጻነት ኣምጻእኩ እምበር ሞት ከም ኣዳም እንዳበልካ ኲሎኻ እቶም ንዝባሌኻን ግርህነትካን ከም ሃዳናይ እንስሳ ከጽንዑ ዝጸንሑ ጉጅለ ደቂ ሃገር ሽርሒታቶም ዝገመትዎምን ዝተቓውሞምን ብማእሰርትን ቅንጸላን ከም ቅጫ እንዳቆርመሙ ብምምጻእ ኣብ ሓንቲ ንሳቶም ዝቆጻጸሩዋ ምእክልቲ ጉጅለ ህግዲፍ ንኾሉ ሃብቲ ሃገርን ስልጣን ህዝብን እትውሕጥ ስጥምቲ ስለላዊ ጉጅለ ንሃገርና ካብ ሲቪላዊ ናብ ወትሃደራዊት ሃገር ቀይሮማ እነሆ።**

**ሳዕቤኑ ድማ ህዝብና ረኺብዎ ዘሎ ኾሉ መዓልታዊ ይንገርን ይግለጽን ስለ ዘሎ ደጊመ ካብ ምጽሓፍ ብእዋናዊ ተረኽቦ ኣሕጺረ ክጽሕፍ ክፍትን ኢየ።**

**ሃገርና ክትግዛእ ኲላ ዋላ ሓንቲ እዋን እውን ትኹን ካብ ለባም ዝኾነ ያታውን ቅዋማውን ባህላውን ትሕዝቶ መነባብሮኣ ፈልከት ኢላ ውጺኣ ተመሓዲራ ኣይትፈልጥን። ሎሚ ግን ሓንቲ ቅዋም ዘይብላ ሃገር፤ ለዋህን ጅግናን ዝነበረ ህዝባ፤ ከም ሽፍታ ባሕርን ምድርን፤ ሰላምን ፍቕርን ዘይፈቱ ብዘይካ ውግእን ተናኻሲ ህዝቢ ኲይኑ ካብ ዓለም ከም ዝንጸል ገይረሞ ይርከቡ።**

**ምልስ ኢለ ሓደ ካብቲ ዝሓለፈ ከዘኻኽረኩም ምስዞም ሎሚ ለይቲ ምስ መዓልቲ ክጸርፎምን ክፍክረሎምን ዝውዕሉ ዘሎ ኲይኑ ብውዲት ካብ ሜዳ ሃገሮም ዘውጸኦም ተቓለስቲ ደቂ ሃገር ንተግባራቶም ኣንጊሆም ስለ ዝፈለጥዎ ንሓንሳብ የለዉን ይብል ንሓሳብ ድማ እዚኣቶም ድኣ ደይ ሓተላ ግለት እዮም ክብል ምጽናሑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ብሩህ ኢዩ። እዚ እኳ ብግዚኡ መልሲ ተዋሂብዎ እንተነበረ ምስዚ እዋን ከነጻጽሮ ኲሎኹ ኣዝዩ የተሓሳስበኒ።**

**ሓተላ ግለት ኾላትና ከም ንፈልጦ ናይ ስዋን ናይ ሜስን ከምኡውን ናይ ስምስምንወዘተ ኢዩ። እዚ ነገራት እዚ ንጥሪት ከም መግቢ ንመሬት ከም ድኾዒ የስብሖም እምበር ኣይጐድእን ኢዩ። ናይ ንኩልየር ሓተላን ግለትንከ ከመይ ይመስል?ሓደ እቲ ዝዓበየ ጸገም ናይ ሓንቲ ሃገር**

ከሚካል ጐሓፉ ናበይ ትጉሕፎ ኢዩ።ወዮ ብዘይካ ስልጣኖም ካልእ ዘይዓጅቦም መካየዲ ስለላዊ መርበቦም ማሕፉዳኦምክመልኡ ናይ ዓዲ ገሊኤን ጐሓፍ ብዘይተእደነ ሚልዮናት ዶላራት ብዋጋ ህዝብናን ሃገርናን ሸይጦም ሃገርና ኣብ ክንዲ ሲንጋፖር መደበር ጐሓፍ ሓተላን ግለትን ንኩልየር ከይና ትርከብ።

ሃጸይ ሃይለስላሴ ንኤርትራ ክምድረላ ኩሎ ኤርትራ መሬታ እምበር ሰባ ኣየድልየንን ኢዩ፤ ብምባል ንህዝብና ብኣልማማ ብኻራን ጥይትን ኢዩ ዘጥፈኦ። እዚ ናይ ሎሚ ተረኽቦ ድኣ ምስ ምንታይ ክሕሰብን ክግመትን ይግብኦ? እዚስ ካብቲ ባእዳውያን ዝገብርዎ ብዓሰርተታት ዝሽፍኤን ዝገደደንዶ ኣይኮነን? እዚ ከይኣክል ድማ ንህዝብና ዝሓረሶን ዝሓፈሶን እኽሊ ካብ ማሕትቶ ቆፍኡ ጓሕጊሑ ባዶ ብምትራፍ ውጹዕ ህዝቢ ታሕቲ እንተ ጠመተ ከውሒ ላዕሊ እንተ ጠመተ ሰማይ ኰይናቶ ንምውቕቲ ቤቱ ገዲፉ ዝወሓጠ ይውሓጠኒ ብምባል ፈቐድኡ ተሰዲዱ ኰብለል ይብል ኣሎ።

ኣብ ኣርእስተይ ብዛዕባ ሓውን ጊዜን ጠቒሰ ነይረ።

እቲ ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ዝዓበየን ዘማዕበለን ምህዞ ናይ ሓዊ ምፍጣር ምህዞ ኢዩ።ወዲ ሰብ ንሓዊ ምስ መሃዘ ካብ ፍርሒ ናብ ድፍረት፥ ካብ ቁሪ ናብ ማሙቕ፥ ካብ ሕማም ናብ ጥዕና፥ ካብ መዋእል እምኒ ናብ መዋእል ሓጺን፥ ዘሰጋገረ ዓቢ ለውጢዝገበረ ኰይኑ ድሒሩ ከኣ ንመዓድናት ከም በዓል ወርቅን ብሩርን ንሓሲን ካብቲ ብባህርያዊ መታሕውስቱ መዓድናት(gold ore) ይኹን እምኒ ብሓይሊ ሓዊ ንወርቂ ይኹን ካልእ ፈላልዩ ዘነጽር ሓዊ ጥራይ ኢዩ።

ጊዜውን ሓያል ደፋር ንቕድሚት እምበር ንድሕሪት ዘይጥምት ስለዝኾነ ብወቕቱ ክት ጥቀመሉ ኣዝዩ ስለ ዘገልግለካን ዘተባብዓካን ረቂቕ ነገር ኰይኑ ኣብ እዋኑ ክትዕወተሉ ይግባእ።

ዎ ተባዕ ህዝብና ከምቲ ቅድሚ ሎሚ ምስ ደቅኻ ኰንካ ነቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ መቑሑ ሰርካ ንነጻነት ሃገርካ ዝተጓነጸፍካ፡ ሎሚውን ከም ትማሊ ሓርነታዊ ዓወትካ  ጅጋኑ ደቅኻ ጀሚሮምልካ ስለ ዘሎዉ ኣብ ጐድኖም ደው ብምባል ነዚ ከም መበላይ  ኰይኑ ጸሚዱ ሒዙካ ዘሎ ጉጅለ ህፍዲፍ ካብ ሱሩ በርቂቕካ ክትድርብዮ፡ ንለውጢ ከም ሓዊ ንፍጥነት ከም ጊዜ ተጠቒምካ፡ ኵሉ ስልጣን ናትካ ምዃኑ ርዱእ ኰይኑ ታሪኻዊ ጅግንነትካን ቅዋማትካን ባህልታትካን ኣብ ንቡር ቦታኡ ብምምላስ፤ ምእንቲ ሃገሮምን፤ ህዝቦምን፤ ዝተበጀዉን፤ዝሰንከሉን ደቅኻ ሕድሮም ንምፍጻም ኵሉ ኣብ ኢድካ ከምዝኾነ ርዱእ ኰይኑ ክትዕወተሉ ጥርጥር የብልናን።

ተለዓል ንለውጢ ከይገደፍካ ሕፍቲ

ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና ጽንዓትን ዓወትን ንህዝብና